

# መስቀል የሱስ . . .

የሱስ ኣብቲ መደምደምታ ሰሙን ናይ ምድራዊ ኣገልግሎቱ፡ ንደቀ-መዛሙርቱ ከምዚ ይብሎም። ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ፋሲካ ምዃኑ ትፈልጡ ኣሎኹም፡ “ንወዲ ሰብ ድማ ኪሰቀል ነህዛብ ኣሕሊፎም ኪህብዎ እዮም” (ማቴ 26፡1)። የሱስ፡ እቶም ደቀ-መዛሙርቱ ካብኡ ዚተጸበይዎ ነገር ፍልይ ዚበለ እዩ ነይሩ። እቲ ትጽቢቶም፡ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ካብ መግዛእቲ ባርነት ሮማውያን፡ ደኣ እምበር ካብ ባርነት ሓጢኣትን፡ ሞትን ሓራ ኼውጽኦም ኣይኮነን። በዚ ምኽንያት እዚ ድማ ብዛዕባ ስቕለት የሱስ እቲ ክርስቶስ ኣብ ከቢድ ናይ ኣእምሮ ዕንቅፋትን፡ ሕንፍሽፍሽን እዮም ተሰቒቖም።

ንደቂ ሰባት ብዚምልከት፡ ብዛዕባ ብየሱስ ዚመጸ ሓፈሻዊ ዕንቅፋት፡ ኣዝዩ ግሉጽ እዩ። እቲ ዚተሰቕለ የሱስ ንኣይሁድ መዓንቀፊ ኪኸውን ከሎ፡ ንኣህዛብ ድማ ዕሽነት እዩ። ነቶም ዚድሕኑ ግና፡ ጥበብን ሓይሊ ኣምላኽን ንድሕነቶም እዩ (1ይ ቈረ 1፡ 22-24)።

ይኹን እምበር፡ ኣተሓሳስባ ሰብ ከምዚ እኳ እንተ ኾነ፡ ዕሽነት ኣምላኽ፡ ካብ ጥበብ ሰብ ይበልጽ፣ ድኻም ኣምላኽ ድማ ካብ ሓይሊ ሰብ ከም ዚበልጽ ዘየማትእ ሓቂ እዩ። ስለዚ ሰብ ኣብ የሱስ እቲ ክርስቶስ፡ እቲ እተሰቕለ ክሳዕ መወዳእታ ጊዜ ኺዕንቀፍ፡ ሳዕቤኑ ድማ ከቢድ ከም ዚኸውን ብሩህ እዩ። ቅዱሳት ጽሑፋትን፡ ታሪኽ ቤተ-ክርስትያንን እውን ኣነጺሮም ዚምህርዎ እዩ።

እቲ እተናዕቀ የሱስ፡ “ነተን ክልተ ቤት እስራኤል ግና እምኒ ምዕንቃፍን ከውሒ ምንስታትን” ኰነ ይብል (ኢሳ 8፡ 14-15)። ወንጌላውያንን ሃዋርያትን ከኣ “እቲ ነደቕቲ ዝነዓቕዎ እምኒ፡ እሱ ርእሲ መኣዝን ኰነ” ይብሉ። “ብእኡ ብየሱስ ዝዕንቀፍ ይስበር፡ ንሱ፡ የሱስ ዝወድቖ ድማ ይጭፍልቖ” ኢሎም ብብዙሕ መገዲ የጠንቀቑ (ሉቃ 20፡ 17-18 1ይ ጴጥ 2፡ 6-8)። ስለዚ ኣብዚ ናይ ክሕደት ወለዱ፡ ኣብ ውድቀትን ዕንቅፋትን ክንሽመም ኣድላዪ ኣይኮነን። “ብእኡ ዚኣምን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣለዎ” (ዮሃ BB)።

ክርስትያናዊ ሓሳብ መስቀል እምበኣር ኵሉ ጊዜ ምስ ፋሲካ ተዛሚዱ ኺዝረበሉ እዩ ዚስማዕ። ካብ ዘለኣለምነት ጀሚሩ ድማ ኣብ ሓሳብ ኣምላኽ ንድሕነት ወድ ሰብ ዝተሓለነ ስቕለት ወይ በይዛነት እቲ ሓደ ወዲ ኣምላኽ፡ የሱስ እቲ ክርስቶስ እዩ። ዮሃንስ መጥመቕ፡ “እንሆ ገንሸል ኣምላኽ ሓጥያት ዓለም ዜርሕቕ” እናበለ ብዛዕብኡ እናመስከረ ንሰባት ናብኡ ገጹ ሓበሮም (ዮሃ 1፡29)። ስለዚ ትሕዝቶ ትምህርቲ ምሉእ ብሉይን ሓዲስ ኪዳንን፡ ናይ'ዚ መለኮታዊ ኪዳን ተስፋ ስቕለት(በይዛነት) ወዲ ኣምላኽ፡ ንደቂ ኣዳም ዘዳለዎ መገዲ ድሕነት፡ መግለጺ ምሕረትን ፍቕርን፡ ኣምላኽ ዚምህር ብስራት እዩ።

ነቲ ቃል መስቀልን፡ ምልክቱን፡ ብኣተኵሮ ንዚምልከቶ ዘበለ ኵሉ ሰብ ድማ፡ ብውሕዱ ሰለስተ ዓበይቲ መልእኽቲ ኣለዎ።

## 1. መስቀል . . .

ናይ ገበነኛ ሰብ መሳርሒ ፍርዲ ሞት ምዃኑ ናይ ታሪኽ መዝገብ እዩ (ፊሊ 2፡ 8)።

ዓለም ብፍላይ ግና መንግስቲ ሮማ ኰነ ኣይሁድ ዚጥቀሙሉ ዝነበሩ ኣሰቃቒ ዚኾነ መሳርሒ መቕጻዕቲ ፍርዲ ሞት እዩ ነይሩ። በዚ ምኽንያት እዩ የሱስን እቶም፡ ኣብ የማነ ጸጋሙ ዚተሰቕሉ፡ ክልተ ከተርትን ኣብ መስቀል ተሰቒሎም ክሞቱ ዚተፈርዶም።

## 2. መስቀል . . .

እቲ መልእኽቲ ብስራት መስቀል፡ ብበይዛነት ወድ-ኣምላኽ ኣብ መስቀል ዚተፈጸመ መስዋእቲ፡ "ንዝኣምኑ ሓይሊ ኣምላኽ ንድሕነት" ኰነ (1ይ ቈረ 1፡18)።

መስቀል እምበኣር፡ ኣብ ሓሳብ ኣምላኽ፡ ነቲ ኣብ ጽፍሒ ጊዜን ቦታን፡ ቅድሚ ዓለም ምፍጣሩ፡ ዚረኣዮ ዅነታት ሳዕቤን ሓጢኣት ኣዳምን ዘርኡን ዚምልከት መለኮታዊ ፍርዲ እዩ። ኣምላኽ ግና ነዚ ፍርድ'ዚ፡ መተዓረቒ መስዋእቲ ሓደ ወዱ፡ ንፍሉይ መገዲ ድሕነት ዓለም ዚኸውን፡ ካብ ዘለኣለምነት ዘዳለዎ ጸጋ ነበረ (ዮሃ 3፡16)።

ነቲ "ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንግበር" (ዘፍ 1፡26) ኢሉ ዚፈጠሮ ኣዳም፡ ብምኽንያት ዘይምእዛዙ፡ ኣንጻር ኣምላኽን ትእዛዙን ድማ ብምሽፋቱ፡ ብኣበሳኡ ናይ ዘለኣለም ሞት ኣስዓበ። ኣምላኽ ድማ ኣበሳ ንምቕጻዕ፡ ኣብ'ቲ ጻድቕ ወዱ ንበይዛነት ኣብ መርገም መስቀል ሞት ኣሕሊፉ ሃቦ። እዚ መስዋእቲ'ዚ ግና መገዲ ድሕነት ዓለም ኰነ (ዘዳ 21፡ 23)። ብሞቱን ትንሳኤኡን መርገምና ኵሉ ስለ ዝተሸከመ፡ በቲ መስቀል የሱስ ንወድ-ሰብ ዓዲጉ፡ ኵሉ ናብ እግዚኣብሄር ዚኣትወሉ መገዲ ምሕረትን ህይወትን ገበረ (ገላ 3፡13)።

## 3. መስቀል . . .

ቅርጹ፡ በቲ ኣብ ክንዲ ዓለም ኣብ መስቀል ዚተሰውኤ የሱስ ምኽንያት፡

1. እቲ ንላዕሊ ዚተዘርግሐ ኣካል መስቀል፡ ምስሊ መራኸቢ፡ ሰማይን ምድርን ወይ ፈጣርን ፍጡርን ዘተዓረቐ፡ ማእከላይ መሳርሒ በይዛነት፡ ከም ዝኾነ የመልክት።

2. እቲ ንጐድኒ ዚተዘርግሐ ክፍሊ መስቀል ድማ ምስሊ ዚተዘርግሐ ኣእዳው ኣምላኽ፡ ንኹሉ ሓንጎፋይ እናበለ፡ ስፍሪ ብዘይብሉ መግለጺ ፍቕሩ፡ ብየሱስ ክርስቶስ ዚተዋህበ ዕድመ፡ መገዲ ሰላም እዩ (ኤፌ 2፡16)። "ኣቱም ኵልኹም እትጽዕሩን፡ ጾር ዝኸበደኩምን ኣነ ከዕርፈኩም ናባይ ንዑ" እናበለ ይዕድም (ማቴ 11፡28)።

3. መልክዑ፡ ንኣመንቲ ዚማርኽ፡ ንዘመናት ኣብ ግንባሮምን፡ ኣፍ-ልቦምን፡ ዕጣቖምን፡ ተሸሊሞምዎ እዮም። ንስልማት ጥራይ ዘይኰነ፡ ምስክርነት ተልእኾኦም ዚገልጽሉ፡ መንነቶም ዚሕብሩሉ፡ ዕላምኦም ዜረጋግጽሉ፡ ክሳዕ ሞት እሙናት ምዃኖም ዚምስክርሉ፡ መዘኻኸሪ ምስሊ ዕጥቆም ምዃኑ ታሪኽ ናይ ዘመናት መስዋእቲ ናይ ሓቂ መስቀሎም ኣረጋጊጽዎ እዩ።

እዚ ማለት ብዙሓት ስለ እምነቶም፡ ንጐይትኦም እናሰዓቡ፡ ኣብ መስቀል ተሰቒሎም ንኺሰውኡ ከም ክብረት ቈጺሮምዎ፡ መዓልታዊ ስለ ክርስቶስ ይሞቱ ከም ዝነበሩ ድማ መስኪሮም። ሃዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ኢሉ ይድምድሞ፡ "ምስኡ ሓሳረ መከራ እንተጸገብናስ፡ ምስኡ ድማ ክንከብር ኢና፡" (ሮሜ 8፡18)። ወረስቲ ኣምላኽን፡ መዋርስቲ የሱስን ምዃኖም'ውን መስኪሮምን ኣረጋጊጾምን ኣለዉ (ሮሜ 8፡17)።

## መስቀል ኣብ ብሉይ ኪዳን

ኣዳም ኣብ ሓጢኣት ምስ ወደቐ፡ ካብ ኣምላኽ ኣብ ማእከል ኣእዋም ገነት ተሓብኤ (ሸፈተ)። እግዚኣብሄር ዜቕረበሉ ሕቶ ድማ፡ "ኣዳም፡ ኣዳም ኣበይ ኣሎኻ? ካብ'ታ ካብኣ ኣይትብላዕ ኢለ ዝኣዘዝኩኻዶ በሊዕካ ኢኻ? ኢሉ በቲ ዕልወቱ ኣገዳሲ ዚኾነ መርመራ የቕርበሉ። እግዚኣብሄር ኵሉ ምኽንያታት ኣዳም ምስ ሰምዐ፡ ብዓይኒ ፍቕሩን ምሕረቱን ርእዩ፡ ንዕርቂ ሓጢኣቱ፡ መስዋእቲ በይዛነት ደም ኣፍሲሱ፡ ደበሎ (ጽድቂ ኣምላኽ) ኣልበሶ፡ ከምኡ እውን ንሄዋን ሰበይቱ። ናብቲ ብስራት ተስፋ ወንጌል፡ መስቀል መስዋእቲ የሱስ እቲ ክርስቶስ ድማ ሓበሮም (ዘፍ 3ይ ምዕራፍ)። እዚ ስርዓት ናይ መስዋእቲ በይዛነት ብቐጻልነት ኣብቲ ቅድሚ፡ ሕጊ ብሉይ ኪዳን፡ ዚነብር ዚነበረ ሕብረተ-ሰብ ከም ዘዘውተርዎ፡ መስዋኣቲ ናይ ኣቤል፡ ናይ'ቲ ዘመን መረጋገጺ እዩ (ዘፍ 4፡ 4)።

እቲ ስርዓት ሕጊ ብሉይ ኪዳን ብመሪሕነት ሙሴ ምስ ተሰርዐ'ውን፡ መስዋእቲ በይዛነት ከም ዚቐጸለ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ይምህር። ናብቲ በጃ ኹሉ ኰይኑ ኪስቀል ዚመጽእ ዚነበረ፡ ኣማኑኤል ወዲ ኣምላኽ የመልከት ከም ዚነበረ'ውን ብተወሳኺ፡ ቅዱስ ጽሑፋት ኣነጺሩ ዚምህሮ እዩ።

እስራኤላውያን፡ ኣብታ መወዳእታ ለይቲ ናይ ብግብጻውያን ዚወረዶም መሪር ባርነትን፡ ካብ መዓት መልኣከ-ሞትን፡ ሓርነት ዚረኸቡሉ ሓበሬታ መገዲ ተዋሂቦም ነይሮም። ንዮሀ "ንስኻን ቤትካን እትድሕኑላ፡ መርከብ (ኣብ ጸምጸም ምድረ-በዳ) ስራሕ (ኣዳሉ)" ዚብል ሓበሬታ ብኣምላኽ ተዋሂብዎ። ንሱ ድማ ብእምነት (ኣብ ጸምጸም ምድረ-በዳ) ኣስታት 120 ዓመታት ኣቢላ ዚወድኣት መርከብ ኣዳልዩ ብእኣ ካብ ጥፍኣት ማይ ኣይሂ ከም ዚደሓነ እቲ ጽሑፍ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ኣብ 11፡7 የዘንቱ (ዘፍ 6፡- ድማ ርአ)።

ንእስራኤላውያን ድማ፡ ጐደሎ ዘይብሉ፡ ተበጃዊ ገንሸል ሰዊኦም፡ ነቲ ደሙ ኣብ ክልቲኡ ቀዋምን፡ ላዕላይን ልዳት ቤቶም ኪለኽይዎ ኣዘዞም (ዘጽ 13፡ 13-14)። እስራኤላውያን በዚ በይዛነት ተኣሚኖም ስለ ዚተኣዘዙ፡ እቲ መስዋእቲ ንሓርነትን፡ ውሕስነትን፡ ድሕነት ካብ ሞትን ከም ዚኾነሎም ታሪኽ ይሕብር። እቲ ኣምላኽ ካብ ወድ-ሰብ ዚደልዮ እምበ ኣር ስርዓት ቃሉ ብእምነት ምእዛዝ እዩ።

ኣብ ናይ ምድረ-በዳ ግሽነቶም እናተጓዕዙ ድማ፡ ኣንጻር እቲ ብዙሕ መለኮታዊ ሓልዮት ዚተገረሎም፡ ኣብ ኣምላኽን ሙሴን መሪር ምዕዝምዛምን ድፍረትን ምስ ኣስምዑ፡ እግዚኣብሄር (መርዛማት) ዚነዱ ኣትማን ኣብቲ ህዝቢ ሰደደ (ዘሁ 21፡ 4-9)። እስራኤላውያን ብናይ ጥሜትን ጽምኣትን ዜጕረምረምሉ ግዜ፡ በትማን ተነድፉ'ሞ፡ ብመርዚ ተመን ይሞቱ ነበሩ። ሙሴ ነቲ ህዝቢ ምስ ጸለየሉ ግና፡ እግዚኣብሄር ድማ ኪዕረቖም ፈተወ።

ንሙሴ፡ ብተምሳል መስዋእቲ መስቀል የሱስ፡ ንርእሲ እቲ ናይ ጥንቲ ተመን ዚጨፍለቐን፡ ብመስዋእቱን፡ ትንሳኤኡን ድማ ንዓለም ዚዓደገን ዜድሓነን መስቀል (ባላ) ስራሕ በሎ። ምስሊ እቲ ዚነድድ ተመን ድማ ቅረጽ'ሞ፡ ኣብ ባላ ስቐሎ በሎ። ናብቲ እተሰቕለ ምስሊ ኺምልከቱ፡ ነቶም እተነድፉ ሰባት ንገሮም ኢሉ ድማ ኣዘዞ። ኵሉ በቲ

መርዛም ተመን ዝተነድፈ፡ ናብቲ ዝተሰቕለ-ምስሊ ተመን ተኣዚዙ ንዚተ መልከተ ድማ፡ ካብ መርዚ ተመንን፡ ሞትን፡ መድሃኒት ኰነሉ።

ኣዳም ምስ ኣበሰ፡ እቲ ምስ እግዚኣብሄር ዚነበሮ መለኮታዊ ዝምድና ፈረሰ። እቲ ዚሓተቶ ሕቶ፡ ንዝኾነ በዳሊ ሰብ፡ ዝምድናኡ ምስ ኣምላኽ ንምትዕኻል ዚሕተት ናይ ሕልና ሕቶ ኣምላኽ እዩ። ብበብዓይነቱ መገዲ ዜጋጥም ናይ ሕልና ሕሹኽሹኽታን ወቐሳን ሓበሬታ ኣሎ። የሱስ ግና ነቲ ንኹሉ ሰብ ዚኸውን ብቑዕ መስዋእትን፡ ደበሎን (ጽድቂ) ኣዳልዩ፡ ሕጂ'ውን ንዅሉ ሰብ ነዚ ጸጋ ኺካፈሎ ገና ኣብ መስቀል መስዋቲ ኺምልከት ንዅሉ ሰብ ይዕድም ኣሎ።

## መስቀል ኣብ ሓድሽ ኪዳን

ኵሎም ወንጌላውያንን ሃዋርያትን፡ ነቲ ገንሸል ኣምላኽ ሓጢኣት ዓለም ዜርሕቕን፡ ኣብ መስቀል ብኣህዛብ እተሰቕለን፡ ዚሞተን፡ ዚተንስኤን፡ እቲ ዚዓበየ መልእኽቲ ናይ ተልእኾኦም ከም ዚነበረ እቲ ቅዱስ ጽሑፍ የብርሆ። ሃዋርያ ጴጥሮስ ኣብቲ ጊዜ ምውራድ መንፈስ ቅዱስ፡ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ካልኣይ ምዕራፍ፡ ዓቢ ብስራት ወንጌል ከም ዚሰበኸ ነንብብ። ካብቶም ፋሲካ ኬኽብሩ ካብ ምሉእ ዓለም ዚመጹ ኣጋይሽን፡ ኣይሁድን በቲ ስብከት ወንጌል ከም እተረትዑ ይሕብር። ብስብከት ወንጌልን፡ ብርትዒ መንፈስ ቅዱስን፡ ኣስታት ሰለስተ ሽሕ ሰባት ብየሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣሚኖምን ድሒኖምን ኣብ ማሕበር የሱስ እቲ ክርስቶስ ከም እተወሰኹ እውን እቲ ጽሕፍ ይሕብር።

በዚ እዋን'ዚ ዚነበረ ንጹር መልእኽቲ ወንጌል ድማ እቲ ኣብ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ኣብ 2፡ 23-24 ዘሎ እዩ። እቲ ጽሑፍ ከምዚ ኢሉ የነጽሮ፡ "ነቲ ከምቲ ውዱእ ምኽሪ ኣምላኽን፡ ከምቲ ናይ ጥንቲ ፍልጠቱን ኣሕሊፎም ዝሃብዎ፡ ሰቐልኩምዎን፡ ቀተልክምዎን። ሞት ሒዙ ኺጽንዖ ስለ ዘይከኣለ ከኣ፡ ኣምላኽ ካብ ማእሰረ ሞት ፈቲሑ ኣተንስኦ። ሽዑ በቲ ዚተሰብከ መልእኽቲ ናይ *ስቕለትን፡ ሞትን ትንሳኤን* ሲሚዖም እዮም እቶም ኣሽሓት ሰባት ተማሪኾም፡ ኣሚኖም ድማ ናብታ ማሕበር ኣምላኽ ኺጽንበሩ ዚመደቡ። ካብዚ እዋን'ዚ ጀሚሩ፡ ነቲ ምስፋሕ ወንጌል ተጻብኦታት ይኹን ስደት፡ ማእሰርቲ ኰነ ሞት፡ ኺቃወሞ ኣይተኻእሎን።

## 1. ብዛዕባ መስቀል ኣልዒልካ ምስዓብ

(ወንጌል ማቴዎስ 16፡ 24-27፡ ማር 8፡ 34-38, ሉቃ 9፡ 22-26)።

*መገዲ መስቀል መሪር መገዲ ሞት* እዩ። ይኹን እምበር፡ የሱስ ክርስቶስ ኣቐዲሙ እንታይነት መስቀል ኣነጺሩ ምሂሩ እዩ። እቲ ንዅሎም ሰማዕቱ ዚሃቦም ዕድመ ወይ ጽውዓ ድማ ተዋዳዳርን ኣማራጽን ዘይብሉ ግዴታ ከም ዚኾነ፡ ኣብሪሁ። የሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ ስቕለቱን፡ ሞቱን፡ ትንሳኤኡን ንሰማዕቱ ምስ ነገረ፡ ነፍስ ወከፍ ሰብ ድማ፡ ናይ ገዛእ ርእሱ መስቀል ከም ዘለዎ ኣረጋጊጹሎም እዩ። ንኹሎም ከኣ ደድሕረይ ኪስዕብ ዚደሊ፡ ነፍሱ ይቕበጽ፡ መስቀሉ ኣብ ጸጽባሕ የልዕል እሞ ይስዓበኒ፡" በሎም።

## 2. ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ ምቕባጽ።

(ወንጌል ማቴዎስ 16፡ 24-27፡ ማር 8፡ 34-38 ሉቃ 9፡ 22-26)።

እቲ ጽውዓ ንዚሰምዕ ዘበለ ኹሉ እዩ። እቲ ንየሱስ እቲ ክርስቶስ ምስዓብ ከኣ ናይ ግላዊ ምርጫ እዩ። ዋጋ እቲ ጽውዓ ግና

ክልተ ዓበይቲ ጕዳያት የኸትል፡

## 2.1. ገዛእ ርእስኻ ምቕባጽ . . .

ብሓፈሻኡ፡ ገዛእ ርእስኻ ምቕባጽ፡ ሓደ ሰብ ስለ እምነቱ ኣብ የሱስ እቲ ክርስቶስ፡ ንህይወቱ ኸይትጠፍእ ድኣ እምበር፡ ኼድሕና ኢሉ ጊዜኡ ዘይምጥፋእ የመልክት። እዚ ድማ ኣብ ጊዝያዊ ዘይነባርን፡ ክብረት ዘይብሉን ኼተኾር፡ እቲ ዘለኣለማዊ ነገራት ኼየምልጦ ዜተሓሳስብን ዜጠንቅቕን እዩ።

## 2.2. መስቀል ኣልዒልካ ኣብ ጸጽባሕ ንየሱስ ምስዓብ . . .

እዚ ዕለተ-ዕለት መስቀል ምስካም፡ ኣብ ኣፍ ብልሒ ሞት፡ ስለ ክርስቶስ ክሳዕ ሞት እውን እንተ ኾነ እሙን ምዃን ይሕብር። ኣብ ጸጽባሕ ንገዛእ ርእስኻ፡ ንዓለምን ሙማት፡ ንክርስቶስ ግና ህያው ምዃን ማለት እዩ። የሱስ ክርስቶስ ኺምለስ ከሎ፡ እቲ ኪስዕብ ዚተጸውዐ ሰብ፡ ንህይወቱ ምስ የሱስ ክርስቶስ ዝተሰቕለ ኰይኑ፡ ህይወቱ ግና ኣብ ሕቝፌ የሱስ ኣብ ላዕሊ ከም ዘላ ኺሓስብን ኺኣምንን ይግባእ። መስቀሉ ዘልዓለ፡ ንህይወቱ ስለ ክርስቶስ ከም እተሰቕለት እዩ ዚምህር። ኣብ ክንዲ ንገዛእ ርእስኻ ምንባርሲ፡ ንክርስቶስ ሙማት ምምራጽ የመልክት።

እቶም ድሕሪ በዓል ሓምሳ፡ ብህይወት ምልኣት መንፈስ ቅዱስን፡ ሓይሉን ህይወቶም ኺመርሑ ዚጀመሩ ሰዓብቲ ናይ የሱስ እቲ ክርስቶስ፡ ናይ ዓወት ሓይሊ ከም ዚለበሱ ታሪኾም ይምስክር። ሓይሊ ክሳዕ ዚወርዶም ካብ የሩሳሌም ከይወጹ ተኣዚዞም ነይሮም።

መስቀል ኣብ ጸጽባሕ ምስካምን፡ ንየሱስ እቲ ክርስቶስ ምስዓብን፡ ምምስካርን ዜኽእል ሓይሊ ከም ዘይነበሮም፡ እቲ ዚነበሮም ናብራን፡ ሓይሊ ምስክሮምን ድኻምን ፍርህን ዚመልኦ እዩ ነይሩ።

ክሳዕ በዓል ሓምሳ፡ ካብ የሩሳሌም ከይወጹ፡ ኣብ ቤት ተዓጽዮም ድማ ኺጽበዩን፡ ዚተነግሮም ቀንዲ ምኽንያት ድማ፡ ካብ ትብዓትሲ ፍርሂ፡ ካብ ንምጽባቕሲ፡ ንምብልሻው ዝንባሌን፡ ተኽእሎን ስለ ዚነበሮም እዩ።

ኣብ ጸጽባሕ መስቀል ተሸኪሞም ንየሱስ ኪስዕቡ ምስ ጀመሩ ግና ገዛእ ርእሶም ንኺቕብጹ ከቢድ ኰይኑ ኣይረኸብዎን።

ኣብ ገጽ 37 ኣብ ቀዳማይ ዓምዲ ቀጺሉ’ሎ።